# ዓሻ በጊዕ ምስ ተኹላ ዕርክነት!

## ረድኢ መሓሪ /ኣለና/ 29 ሰነ 2015

ሓደ ሓልዊ ኣባጊዕ፡ ዘይተማህረን እንዶ ሕሳባት ዘይብሉን ክነሱ፡ ዕየት'ውን ትኹን እንተጠፊኣቶ፡ መውደቒቻን ኣጠፋፍኣኣን ከይፈለጠ ደቂሱ ኣይሓድርን ኢዩ። ህዝቢ ኤርትራ ደኣ ምስ በላዒኡ ተኹላን ኣዛብእ መኮንናትን ንክላፈን፡ እንታይ ረኺቦ? በራውር ደቁ፡ ጻዕዳ ፈረንካ ሂቡ ሊቀ-ሊቃውንቲ ዝገበሮም፣




በብዓመቱ ብሓደ ተኹላ እናተለቐሙ ትም መሪጹ!! ናይ '73 ናይ '76 ተባሂሉስ ተረብሪቡ'ኮ! እዚ ህዝቢ፡ ከምኡ'ውን መሪሕነትን ተጋደልቲን ህዝባዊ ግንባር ነቶም ኣንጊሆም ስለ ናጽነት ዝወጹ ጀጋኑ ተጋደልቲ፡ ብድሕሪ ናጽነት "ኣበይ ኣተዉ" ኢሉ ኣይሓተተን። ደሞም፡ ከም ደመ-ከልቢ ንብላሽ ኮይኑ። ስድራ ቤቶም'ውን ምንም ዝተነግርዎ ጉዳይ ኣይነበረን።

'ሳዕስዕሞ ሳዕስዕ፡ ስራሕካ ኣይትረስዕ'፡ ኢሳይያስ ልብታት ህዝቢ ኤርትራ ንክፈልጥ ኢሉ'ኳ ኣብ ጎደና ሓርነትን ባር ሻምሮክን እንተሳዕስዐን ብሉ ለበል እንተጨለጠን፣ ስርሑ ግን ኣይረስዐን። ኢሉ ኢሉ ድማ፡ ከምታ ዝተመነያ ኀህግም ኤርትራ ሰሪሕዋ ይርከብ ኣሎ። ወዳጄ፡ ኢንጂነር ብርሰት! እጹብ ድንቂ ኣኪያይዳ!!

ኣንታ ዓሻ በጊዕ ምስ ተኹላ ዕርክነት፡ መስተፋቕር ጋኔን ከም ዝተኸትበካ፡ ብሓደ ዝብኢ እናጠፋእካ ምስኡ ትድብል? ደምካ እናሰተየ፡ ህዝብኻ እናኣበሳበሰን ሃገርካ እናኣባደመን፡ "ንሕና ንሱ፡ ንሱ ንሕና" ትብል? ዓሻስ እምኒ ገበጣ ክሳብ ዝውዳእ ይጻወት፡ ከም ዝበሃል፣ ደጊም ኤርትራ ዝተረፉ ነገር የለን። እስከ ንሕልናኹም ፈትሹ፡ እስከ ነቶም ኤርትራ በጺሖም ዝተመልሱ ልግብ ኢልኩም ሕተቱዎም።

ከምቲ ሃይለ ስላሴ፡ "ኤርትራ መሬታ'ምበር ህዝባ ኣየድልየናን ኢዩ" ዝበሎ፡ ራዛ ናይ ኣቡኡ ሓዛ! ህዝቢ ኤርትራ ከኣ ቅድም ብገርሁ፡ ደሓር ብፍርሑ ትግርኛ ዚዛረብ ጃንሆይ ኣዕብዩ። ኣበይ ኣለዉ ላህመትካ ኣንታ ህዝቢ? ኣበይ ኣለዉ እቶም ምስ ሓጺን-መጺን ተራጺሞም ናጻ ዝገበሩኻ ሰብ ሕድሪ?

| | | |
|---|---|---|
| 1.ማሕሙድ ሸሪፎ | 11. ምርያም ሓጎስ | 21. እድሪስ ኣቡ-ዓረ |
| 2. ጴጥሮስ ሰለሞን | 12.ኣስቴር ፍ/ጽዮን | 22. ኪሮስ ዓወር |
| 3. ዑቕበ ኣብርሃ | 13. ዳዊት ኢሳቕ | 23. ኢሳይያስ ረድኢ |
| 4. ሃይለ ወልደንስኣ | 14. ስዩም ጸሃየ | 24. ኤርምያስ ደበሳይ |
| 5.ብርሃነ ገረዝግሄር | 15.ስዒድ ዓ/ቃድር | 25. ሰናይት ደበሳይ |
| 6.ሳልሕ ከክያ | 16. ኣማኑኤል ኣስራት | 26. ቢትወደድ ኣብርሃ |
| 7.ጀርማኖ ናቲ | 17.ዳዊት ሃ/ሚካኤል | 27. ኣቡነ እንጦንዮስ |
| 8. እስቲፋኖስ ስዩም | 18. መድሃኔ ሃይለ | 28.ዶ/ር ክፍሉ ገ/መስቀል |
| 9. በራኺ ገብረስላሴ | 19. ፍስሃየ ዮሃንስ | 29.ተስፋጽዮን ሓጎስ |
| 10.ሓምድ ሕምድ | 20.ማቴዎስ ሃብተኣብ | 30. ሃይለ ናይዝጊ |

ጉጅለ 15ን ብዙሓት ጀጋኑ ኤርትራውያንን ናብ ዛሬባ ማሕቡስ ዒራ-ዒሮ ዝኣተዉላ ወርሒ መስከረም ኣይረሳዕናያን። ወይልኹም ኣንቱም ጠላማት! ወይልኹም ኣንቱም ጁጅ-ማጁጅ ሰብ ጽሮራታት! ወይልኹም ኣንቱም ዘይወግሕ መሲሉኩም ኣብ ዙርያ ዲያብሎስ፡ ኣብ መኣዲ እቲ ናይ ደም ውሉፍ ዝኸበብኩምን ዝኸበብክንን! ሽም ዘይብሉ ንህቢ መዓር ከም ዘየምዕር፡ ኢሳይያስ ከኣ መራግእቲ ዘይብላ ሃገር ኣይትሕለብ ኣይትጽዒ፣ ከም ድላዩ ክጻወተላ ከም ዝኽእል ካብ ዝተሰለፈላ ዕለት ኢዩ ፈሊጥዎ።

ዓሻ በጊዕ ምስ ተኸሉ ዕርክነት! ኣንታ ህዝቢ፡ መራግእትኻ እናተጀልሑ፡ ኳዕናናት መራሕትኻ ተዳጒኖም መንነቶም ብዘይፍለጥ ብየማነ ህበይን ብሓጎስ ክሻን ንክትምራሕ ፍቃድካ ድዩ? እዚ መዘና ዘይርከቦ፡ ኣዝዩ ታሪኻዊ ግርንቢጥ ኢዩ። እዚ ሎሚ ኣብ ኤርትራ ዘሎ መዋእል፡ እቲ ዝጸለመ ታሪኽ ኢዩ። ንማሕሙድ ሸሪፎን ንጴጥሮስ ሰለሞንን ኣጥፊእካ፡ ንሃይለ ድሩዕን ብርሃነ ገረዝግሄር ሓላልን ረሲዕካ፡ ንጀርማኖን ኣስቴርን፡ ንሳልሕ ኬክያን ንዑቕበ ኣብርሃን፣ ንሰናይት ደበሳይን እድሪስ ኣባ-ዓረን … ወ.ዘ.ተ… ክሒድካስ ክጥዕመካ ኢልካ'ዶ ትጽበ ኣንታ ዓሻ በጊዕ? ህይ-ህይ! ኣበደን ጣዕሚ! ኢሳይያስን ኣህባዩን ክሳብ ዘለዉስ ገና ጨው ሓስመት ክትፈሪ ኢኻ። ኣብ ገጻትካ ከክንዲ ሽልን ዝኸውን ማዳታት ክልጠፍ ኢዩ ኣንታ ህዝቢ። እቶም ኣብ ሜዳ ንጀጋኑ ዝቐተሉ፡ ኣብ ኲናት ባድመ ከኣ ንመንእሰያት




ብተመልከተለይ ዝረሸኑ ናይ ደም ገበነኛታት፡ ብዘይካ ምስ ኢሳይያስ ምጥፋእ ካልእ ምርጫ የብሎምን። ሓንሳብ ኣብታ ናይ ገበን ታኸላ ምስ ሸመሞም፡ ኣብ ረግረግ ገረንፊት ከም ዝተሸኽለት መኪና፡ ክገላገሉ ኣይክእሉን ኢዮም። ክንዲ ዝኾነ፡ ናብ ትርግታ ልቢ ህዝቢ ንምምላስ ኣይከኣሉን።

ኣንታ መጣቕዒ፡ ዝግ ኢልካ'ሞ ሕሰብ፡ ንጣዕሳ ግዜ ኣሎካ። ካብ ውዕሎ ጀነቫ እንታይ'ኮን ተማሂርካ ትኸውን? እስከ ረኣዮም'ዞም ሰብ መራኹስ፡ ኣብ ሰብዓታት ስለ ናጽነት ክብሉ ንእስነቶም ኣብ ቃልሲ ኣብልዮምሲ፡ ሎሚ ከኣ ነፍሶምን ስድራ ቤቶምን ረሲዖም ስለ ፍትሒ ምስ ጀጋኑ መንእሰያት ደቆ ተሰሊፎም። እቲ ባርዕ፡ ገና ከም ዓርሞ ሓጋይ መመሊሱ ክቃጸል'ምበር፡ ኣይክቕህምን ኢዩ። ኣንታ ኣብ ልዕሊ ሬሳታትካ እተኹድድ፡ መዐቀኒ ክፉእ ዘመን፡ ንድሕሪት ተመለስ፡ እወ! ጋእ በል'ሞ ገለ ጡብላሕ ክብለካ ኢዩ። ነቶም ሂወቶም ስለ ናጽነትን ሓርነትን ዝበጀዉ ጀጋኑ ኤርትራውያን ዘክር።

ኣብ ዘመነ ኢሳይያስ ዘሎ ስለምንታያት ጸብጺብካ ዝውዳእ ኣይኮነን። ግን ስለምንታይ ልዕሊ 65 ሽሕ ሂወት ተኸፊሉ? እቲ ቅድድም ምስ ሞት፡ ባህጊ ናጽነት ድዩ ነይሩ ወይስ ዕንደራ? ባህጊ እንተነይሩስ፡ ኣበይ ደኣ ኣተወ እቲ ባህጊ? ኣንታ ሳዕሳዒ ህዝቢ፡ ኣንታ ንስእሊ ገበነኛ ተሰኪምካ ማርሻ-ኡንዴትሮ ተኹድድ ዓሻ በጊዕ፡ ደጊም ምቕናይ ጥራይ'ምበር ኣብታ ቅርዓት ዓደቦና ክንራኸብ ምኽንናስ፡ ጀነቫ መስኪራቶ ኣላ።




ናይ ሎሚ ጥራይ ንግበር፣ ናይ ትማሊ ባዕሉ ይፈልጥ! ንጽባሕ ዝብል ድማ ኣየጽብሓሉ ዝብል ሰረተ-እምነት ኀሓላሉን ተበለጽቲን ክትሰግሮ ኣለካ። 'ሰብ ጸውዕ እንተበክዎስ፡ በዓል በለስ!' ከም ዝበሃል፣ እቲ ምንታይ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንክዕወት፤ እታ ቁልቁል ኣፋ ዝተደፍአት መኣዲ ኤርትራዊት ስድራ ናብ ንቡር ንክትምለስ ብዛዕባ ትማሊ ዝነበረ መንገዲ ኢሳይያስ ከተስተውዕል፣ ክትመራመርን ነቶም ብዘይ ገበን ብዊንታ ውልቀ-መላኺ ዝተሓየሩ ክትዝክር፤ ቀንዲ

ውራይካ ጌርካ ክትሕዞን ወሳኒ ኢዩ። ኢሳይያስ ህዝቢን ሃገርን ንምጥፋእ፡ ብኣውራጃ ይሰብኽ፡ ብሃይማኖት ይውንጅል፣ ብሓሶት ተኻልቢ ዝነብር ፍልሖ ህዝቢን ሃገርን ኢዩ።

ኣኽ፡ ሰኣን ብትኽ! በብሓደ ሃገር ኣብቲኹዋ እዚ ጋኔን። እቶም ስለ ናጽነት ንሂወት ከይበቐቑ በጃ ዝሓለፉ፡ እቶም ብዛይካ ጭዋ ኤርትራውነት ካልእ ገበን ዘይነበሮም ብዘይ ፍርዲ ዝተሓየሩን ኣብ ጎዳጉዲ ዒራ-ዒሮ ቀለብ ኣራዊተ-ዘገዳም ዝኾኑን ጀጋኑ ኤርትራውያን ገዳይም መራሕቲ ሰውራ፣ መራሕቲ ሃይማኖት፣ ካብ መንግኦም ንዕስራ ዓመታት ኣብ በረኻ ዝተጋደላ ደቂ ኣንስትዮን ስንኩላን ብምርኩስ ዝንቀሳቐሱ ተጋደልቲ ዝርከቡዎም፣ ህቡባት ጋዜጠኛታትን ሃገራውያንን ደሞም ንብላሽ ኣይኸውንን ኢዩ። ጀነቫ ውሕጅ ክልተ ሩባ ምኻና መስኪራ ኣላ።

'ርእሲ ከይጸንዐ ጎተና፣ ልቢ ከይደልደለ ፈተና' ክም ዝተባህለ፡ እዞም ካብ ካልኣይ ውድባዊ ጉባኤ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ /መጋቢት 1987 ዓ.ም./ ብዘይ መዓልቶም ኢሳይያስ ክም ባላንቺና ዝነፍሖም ዝነበረ፣ የማነታትን ክሻን፡ ለቢቶ ክም ዝበዝሖ ብሒቑ ብዘይ ክላሲካዊ ምዕባሌ ዝተተርበቡ ናይ ኤርትራ ገበርቲን ሓደግቲን ጭፍራ ህግደፍ፣ 'ክም ቀደም ይመስለክን ውሕጅ ይወስደክን'፣ ሎሚ ጀነቫ ናብ ኣኽብዶም ኣትያ ሕማም ኮሌራ ክም እትኾኖም ጥርጥር የለን።




እቲ ብድዐን ጃህራን፣ ኣሸካዕላልን ቃሕ ክም ዝበለካ ምግባርን ውልቀ-ምልካውያን ድማ ውዒሉ ሓዲሩ ገደብ ኣለዎ። ገበነኛ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዘውረዶ በደላት ጽሒፍካን ኣንቢብካን ዝውዳእ ኣይኮነን። ክውዳእ እንተኾይኑ፣ ኣብዚ ሎሚ ናብ ዘመነ-ቅብጸት በጺሑ ዘሎ ወሳኒ ህሞት፤ መንእሰይ ደላዪ ፍትሒ፡ እዚ ጀሚርካዮ ዘለኻ ደምሳሲ ማዕበል ብዘይ ክምህ ምባል ክቕጽል ኣለዎ።

ኢሳይያስ ካብ ሎሚ ንደሓር ትንፋስ ክልቅብ፣ ንኤርትራዊ ዘርኢ ኣጽኒቱ ክም ሕልምታቱ "ንጉሰ ነገስት ትግራይ ትግርኚ" ክኸውን፣ እቲ ኣብ እዋን ዳርባ ቦምባ ኣንቶኖቭ "ኒን" ኣብ ዓራርብ ብወርሒ ጥቅምቲ 1985 ዓ.ም. ዝተወልደ ወዱ ኣብርሃም ወራስ ዓራት ክኾነሉ ግን ኣበደን! ኢሳይያስ ወዲ ሰብዓ ዓመት ኮይኑ ኢዩ። ብዘይካ ወጅሃት ኣረጊት ዝብኢ፡ ናይ ሰብ ወዝ ካብ ዝፍለዮ ኣይወሓደን። ኣብርሃም ወራስ ዓራት ክኾነሉ ግን ኣይከኣለን።

ንሕና ታሪኽ ይገንጸል ደቂ ኢብራሂም ሱልጣን ዓሊን ውሉዳት ወልደኣብ ወልደማርያምን ኢና። ንሕና ደቂ ባህታ ኣባ-ጥመር፡ ደቂ ከቢረን ደቂ ደቂ ራእሲ ወልደሚካኤል ወዲ እምበይተይ ኢለኒን ኢና። ስዉኣትና ጠሊ ዝሓደጉልና! ሓድጊ ጀጋኑ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ፣ ኣብርሃም ተወልደ፣ ሳልሕ ጠጠው፣ ወልደንኪኤል ሃይለ፣ ወዲ ዓሊ ወ.ዘ.ተ…ዓሰርተታት ኣሽሓት ስዉኣት ደቂ ተባዕትዮን ደቀንስትዮን ደቂ ኤርትራ ዝኸሮም ኣብ ጽላት ልብና ክነብር ኢዩ።

ትማሊ ኤርና፡ ሕጂ'ውን ገና ኣለና!

**ሞት ክናና ንኢሳይያስ**